# ትሕቲ ዕድመ ኣሰናይ ዘይብሎም ኣብ ስዊስ

## ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ


SWISS FOUNDATION OF THE
INTERNATIONAL SOCIAL SERVICE

SAJV
CSAJ
Schweizerische Arbeitsgemeinschaft der Jugendverbände
Conseil Suisse des Activités de Jeunesse
Federazione Svizzera delle Associazioni Giovanili

# እንቋዕ ደሓን መጻእካ

ኣብ ስዊስ ምስ መጻእካ ኩሉ ሓዲሽ ሰለዝኾነካ ብዙሕ ሕቶ ተልዕል።

ብዛዕዘ ኣሰራርሓ ናይ ስዊስ ፣ብዛዕባ ዑቑባ ምሕታት፣ ብዛዕባ ጉዳይ ምርኻብ ምስ ስድራ ቤትካ።

እዚ ጽሑፍ ንቐልዑትን ንትሕቲ ዕድመ መንእሰያት ብዘይ ስድራ ቤቶም ኣብ ስዊስ መጺኦም ዑቑባ ዝሓተቱን ይምልከት ። ብመንእሰያት ከማኻ በይኖም ኣብ ስዊስ ዝመጹ እዩ ተዳልዩ።


ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት መግለጺታትን ምኽርን ዝሓዘለ እዩ ፣

- ሂወት ኣብ ስዊስ
- ትሕቲ ዕድመ ብዘይ ስድራ ቤት ወይ ብዘይ ኣሰናዪ ዝመጹ (MNA)
- መስርሕ ዑቑባ ምሕታት ኣብ ስዊስ
- ዝሕግዙኻ ሰባት
- ምምሕዳራት ናይ ስዊስ
- መሰላትካ
- ጉቡኣትካ
- ምድላይ ስድራ ቤትካ
- ናብ ዓድኻ ምምላስ
- መበል 18 ዓመትካ

# ሂወት ኣብ ስዊስ

ኣብ ስዊስ ምስ መጻእካ ሓድሽ ሃገር ፣ ሓድሽ ባህሊ፣ ሓድሽ ኣነባብራን ልምድን የጋጥመካ።

ስዊስ 26 ኣውራጃታት ማለት ካንቶን ተባሂለን ዝጽወዓ ኣልወኣ። ዋና ከተማ ስዊስ በርን እያ። ኣብ ስዊስ 4 ቛንቛታት ይዝረቡ። ንሳቶም ከኣ ጀርመን ፡ ፈረንሳ፡ ጥልያን፡ ሮሞንሽ እዮም።




ጀርመን
ፈረንሳ
ጥልያን
ሮሞንሽ

ምስ ዓድኻ ኣወዳዲርካ ብዙሕ ፍልልይ ክህሉ ይኽእል ። ከም ንኣብነት ሰዓት፣ መግቢ፣ኩነታት ኣየር፣ ሰላምታ ኣበሃህላ ፣ ቛንቛታት ፣ ባህሊ ዝኣመሰሉ። ከምኡ’ውን ሓደሽቲ ሕጊታት ክተኽብሮምን ክተማሃሮምን ዘለካ።




መጀመሪያ ኣብ ስዊስ ምስ መጻእካ፡ ዝጠፋእካ ወይ በይንኻ ጽምዋ ክስመዓካ ይኽእል እዩ። ኣብ ጉዳይ ዑቕባ ምሕታት፣ ብዛዕባ መሰላትካን መነባብሮኻን ዝተሓባበሩኻን ዘሰንዩኻን ሰባት ይኹን ትካላት ኣለው (ገጽ 12 ተመልከት)።





««ኣብ ስዊስ ምክብባርን ሰላምታን ኣገዳሲ ቦታ ኣለዎ ።
ብዓቢኡ ኸኣ ሕጊን ኣገባባታን ምሕላው የድሊ ።»

# ትሕቲ ዕድመ ኣሰናይ ዘይብሉ (MNA) እንታይ ማለት'ዩ?

ብሕጊ ስዊስ «ትሕቲ ዕድመ ኣሰናይ ዘይብሉ » ማለት ሃደ መንእሰይ ሰደተኛ ፣

– ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኡን
– ብሕጋዊ ወይ ባህላዊ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ዘይተሰነይ ማለት እዩ።

ትሕቲ ዕድመ ኣሰናይ ዘይብሉ MNA ወይ ትሕቲ ዕድመ ዑቕባ ዝሓተተ ኣሰናይ ዘይብሉ RMNA ተባሂሉ ክጽዋዕ ይኽእል።


ምስ ኣኮኻ ፣ ሓወቦኻ ፣ ኣሞኻ፣ ሓትንኖኻ፣ ሓውኻ ፣ሓፍትኻ፣ ወይ ካልእ ዘመድ እንተመጻእካውን ፡ ብዓይኒ ሕጊ ከም ትሕቲ ዕድመ ኣሰናይ ዘይብሉ MNA ኢኻ ትቑጸር። ምኽንያቱ ኩሎም እዞም ዝተጠቕሱ ቤተሰብካ ናትካ ሕጋዊ ሓላፍነት ስለዘይብሎም።

በዚምኽንያት'ዚ ኸኣ ሓደ ሕጋዊ ወኪል ንዓኻ ዝተሓባበረካን ኣብ ጉዳይ ናይ ዑቕባ ምሕታት መሰርሕ ዝውክለካን ክትገብር መሰል ኣሎካ (ገጽ 12 ተመልከት)።



# መስርሕ ዑቕባ ምሕታት

ኩሉ ሰብ ትሕቲ ዕደመ ይኹን ልዕሊ ዕድመ፡ ኣብ ሃገሩ ተጨኪኑ ወይ ንሂወቱ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ነገራት እንተድኣ ኣጋጢምዎ፡ ዑቕባ ክሓትት ይኽእል።




እዚ መስርሕ ግዜ ይወስድ'ዩ። ብሕጋዊ ወኪልካ ፡ ብማሕበራዊ ሓጋዚኻ (assistant social) ወይ ጠበቓኻ ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ክትሰነይ መሰል ኣሎካ።



«መጀመርያ ኣብ ስዊስ ምስ መጻእኩ ክረዳዳእ ኣይክእልን እየ ነይረ። ምክንያቱ ናተይ ቛንቛን ቁሩብ እንግሊዝን ጥራይ እየ ዝዛረብ ነይረ። ምስ ግዜ ግን ጀርመን ክዛረብ ክኢለ ሳላ ቤት ትምህርቲ ዝኸድኩ።»



## ናይ ዑቕባ ሕቶኻ መልሲ እንዳ ተጸበኻ …

ክትገብሮ ዘለካ ነገራት፣

– ቛንቛ ናይቲ ትነብረሉ ካንቶን ምምሃር
– ቤት ትምህርቲ ምኻድ ወይ ናብ ስራሕ ዝመርሕ ስልጠና ምግባር
– ደሃይ ስድራቤትካ ምግባር ኣብ ዓድኻ ወይ ኣብቲ ዘለውዎ ካልእ ዓዲ
– ኣብቲ ትነብረሉ ገዛ ምስ መንእሰያት ወይ ካልኦት ሰባት ተወሃሂድካ ምንባር
– ርክብ ምስ ደቂ ዓድኻ ወይ ሕብረተሰብካ ምግባር
– ርክብ ምስ ደቂ ስዊስ ወይ ሕብረተሰብ ስዊስ ምግባር

እዚኤን ዝተቐሳ ነጥብታት ንዓኻ ጽቡቕ ክስመዓካን ንመጻኢ ሂወትካ ኣብ ስዊስን ብጣዕሚ ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

# ቤት ትምህርትን ናይ ስልጠና ትምህርትን

ቤት ትምህርትን ናይ ስልጠና ትምህርትን እዚ ዝስዕብ ደረጃታት ኣለዎ

| | | |
|---|---|---|
| **መባእታዊ ትምህርቲ** (6 ዓመት) 6-12 ዓመት | | |
| **ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ** (3 ዓመት) 12-15 ዓመት | | |
| **መስጋገሪ ፕሮግራም** (1–2 ዓመት) 16-17 ዓመት | **ስልጠና ወይ ተግባረእድ** (3–4 ዓመት) | **ትምህርቲ መቐጸልታ ካልኣይ ደረጃ** (3–4 ዓመት) |
| **ዩኒቨርስቲ ላዕሎዋይ ትምህርቲ** | | |





«ንናይ ጉዳይ ዑቕባ ምህታትካ ዓቕልን ሓቦን እዩ ዘድልየካ። መልሲ እንዳ ተጸበኻ ከኣ ቋንቋ ክትመሃር ኣለካ። ትምህርቲ ቤት ምኻድን ናይ ስልጠና ትምህርቲ ምድላይን ክትጽዕር ኣሎካ። ከምኡ ምስትግብር ንመጻኢኻ ክሕግዘካ እዩ። »

# ናይ ምምሕዳራት ተራን ሓላፍነትን

ፈደራል ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት (ODM) :
ቃለ መጠይቕ ኣብ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባ። መርመራ ናይ ዑቕባ ሕቶን፡ ውሳኔታት ምውሳድ ኣብ ናይ ዑቕባ ሕቶን




ቤት ጽሕፈት ሕዝብን ስደተኛታትን ካንቶን (OCP):
ምዝገባን ምክትታልን ጉዳይ ሰደተኛታት



# መን ክሕግዘኒ ይኽእል?


ዝተፈላለዩ ሰባት ክሕግዙኻ ይኽእሉ ፣

– ሕጋዊ ወኪልካ ፣ ጉዳይ ናይ ዑቕባ ሕቶኻን ጉዳይ መንበሪኻ ኣብሲዊስን ክከታተል ዝተመዘ ሰብ እዩ። ስጋዕ 18 ዓመት ትመልእ ድማ ሕጋዊ መተካእታ ወለድኻ ይኸውን።
– ሓላፊ ትነብረሉ ቦታ ወይ ማሕበራዊ ሓጋዚኻ (Educateur ou assitant social) ፣ ናይ ትነብረሉ ቦታን ምምሕዳርን ከምኡ'ውን ኣብ መዓልታዊ ሂወትካ ምክትታልን ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ።
– ኣተርጎምቲ ። ቛንቛኻ ዘዛረቡ ኣተርጎምቲ ። ከተርጉሙልካን ኣገዳሲ ሃበሬታ ከረዱእኻን (ንኣብነት ቆጸራ ምስ ቤት ጽሕፈታት፣ ምስ ሓኪም ወዘተ)


**«ኣብ እዋን ቃለ መጠየቕ እቶም ኣተርጎምቲ ታሪኽ ሂወትና ኣብ ምግላጽ ይሕግዙና»**

– ሓኪምን ነርስን ፣ ኣብ ገሊኡ ካንቶን እትው ምስ በልካ ሙሉእ ጥዕና ከምዘለካ ንምርግጋጽ መርመራ ጥዕና ትገብር። እንትደኣ ተጸሊኡካ ወይ ሓሚምካ ቆጸራ ምስ ሓኪም ወይ ነርስ ክትሕዝ ትኽእል ኢኻ።

– ስነ ኣእምሮ ሓኪም ፣ እንድሕር ትፈርሕ ኮይንካ ወይ ዘባህርር ሕልሚ ትሓልም ኮይንካ ወይ ሕማቅ ሓሳብ ወይ ጭንቀት እንተድኣ  ኣለካ ኮይኑ ፣ ብዛዕባ እቲ ዘሸግረካ ምስ ሓኪም ስነ ኣእምሮ ክትዛረብሞ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።  ንማሕበራዊ ሓጋዚኻ ወይ ሓላፊኻ (assistant social ou éducateur) ቖጸራ ሓዙለይ ክትብሎም ትኽእል ኢኻ።





«ምስ ደቂ ስዊስ ክናረኸብ ጀሚርና ሳልኡ ድማ ቛንቛ ፈረንሳ ክንመሃር ኪኢልና።
ከምኡ’ውን  ሕጊን ኣገባብን ናይ ስዊስ ክንፈልጥ ኪኢልና።»

# መሰላተይ

ኣብ ስዊስ ኣብ እትነብረሉ እዋን ንድሕነትካን ምዕባለኻን ዝሕሉ መሰላት ኣለካ ።

ትሕቲ ዕድመ እሞ ኸኣ ካብ ወለድኻ ተፈሊኻ እንተድኣ ኾይንካ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለካ፣

– ዘማኽረካ ኣብ ኩሉ ኣካይዳኻ ዝሕግዘካ ናትካ ጥቕሚ ዝከላኸል ናይ ሕጊ ወኪል
– ደሓን ዝኾነ እትነብረሉ ቦታ
– ቤት ትምህርቲ ምኻድ
– እንድሕር ሽግር ናይ ጥዕና ኣለካ ሕክምና ምግባር
– ኩሉ ብዛዕባ ናይ ጉዳይካ መስርሕ ሓበሬታ ምርካብ
– ኣብ ጉዳይካ ዝውሰድ ውሳኔ ሓሳብካ ወይ ሪኢቶኻ ናይ ምግላጽ
– ስድራ ቤትካ ምርካብ
– ደሃይ ስድራ ቤትካ ምግባርን ርክባትካ ምቕጻልን
– ምዝንጋዕ



# ሓላፍነተይ

ሕግን ስርዓትን ናይዚ ዓዲ ናይ ምኽባር ሓላፍነት ኣለካ። ከም ንኣብነት ፣

– ስርዓት ናይ ትነብረሉ ገዛ ምኽባር
– ሕጊ ናይ ስዊስ ምኽባር
– ናይ ብሓደ ምንባር ማለት ናይ ሕብረተ ሰብ ስርዓት ባህልን ልምድን ምኽባር
– ምስኦም ንዓኻ ዝሕግዙ ምምሕዳራት ምትሕብባር






# ስድራ ቤት ምርካብ

ስድራ ቤትካ ምድላይ ወይ ደሃይ ምግባር፣ምስ ኣዝማድካ ምርኻብ ኣካል ናይ ውልቃዊ ሂወትካን መሰልካን እዩ።

ንስድራ ቤትካ ኣብዝሃለው ሃልዮም ኣብ ዓድኻ ወይ ኣብ ወጻኢ፣ ንምርካቦም ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ኣብ ስዊስ ሰድራቤትካ ኣብ ምድላይ ክተሓባበራኻ ዝኽእላ ትካላት ኣለዋ።

– le Service Social International (SSI) **www.ssiss.ch** ሰርቪስ ሶስያል ኣንተርናሲዮናል
– la Croix-Rouge suisse **www.redcross.ch** ቀይሕ መስቀል ስዊስ

እቲ ዝከታተለካ ወኪልካ፣ ወይ ናይቲ ትነብረሉ ቦታ ሓላፊ፣ ከምኡውን ኣቲ ናይ ማሕበራዊ ሓጋዚኻ ብዛዕባ ምድላይ ሰድራቤትካ ምሉእ ሓበሬታ ክህቡኻን ክተሓባበሩኻን ይኽእሉ እዮም።

# ናብ ዓደይ ክምለስ

ከም ሓደ መንእሰይ ስደተኛ፡ ስዊስ ገዲፍካ ክትከይድ ትግደደሉ ኩነታት ክጋጥመካ ዝኽእል እዩ። ዝስዕባ ነጥብታት ምዝህልዋ እዩ።

– «ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብ ግምት ኣይኣቱን» (NEM) ዝብል ውሳኔ እንተተቐቢልካ
– ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ተነጺጉ ካብ ሲዊስ ክትውጽእ ኣለካ ዝብል ውሳኔ እንተተቐቢልካ
– ግዜያዊ መቐመጢ ፍቓድ permis F ተዋሂቡካ ኔሩ ግን ኣይተሐደሰልካን
– ኣብ ስዊስ ክትነብር ሕጋዊ መሰል የብልካን ወይ ነይሩካ ግን እቲ ፍቓድ ወዲቑ ። ሰለዚ ካብ ስዊስ ክተወጽእ ኣለካ።

ኣብ ነብሲ ወከፍ ካንቶን  ኣማኽሪ  ትካል ናይ ምምላስ  ዓድኻ ኣሎ። ንሱ ኸኣ ኣማኻሪ ቤት ጽሕፈት ናብ ዓድኻ ምምላስ እዩ ዝበሃል። (Bureau de conseil en vue du retour – CVR) እቲ ዝከታተለካ ወኪልካ፣ ወይ ናይቲ ትነብረሉ ቦታ ሓላፊ፣ ከምኡውን ኣቲ ናይ ማሕበራዊ ሓጋዚኻ ምሉእ ሓበሬታ ክህቡኻን ክተሓባበሩኻን ይኽእሉ እዮም።



# 18 ዓመት ምስ መላእኩኽ?

ኣብ ስዊስ ሓደ ሰብ 18 ዓመት ምስ መለኤ ከም ዓቢ ሰብ ይቁጸር።

ኣብ ሂይወት ናይ ሓደ መንእሰይ እዛ መሰጋገሪት እዚኣ ብዘይ መጠን ኣገዳሲት እያ። ብዙሕ ምቅይያራት ክምጽእ ይኽእል። ከም እት ቕመጠሉ ቦታ፣ ተወሃቦ ሓገዛት ፣ ናይ ትምህርቲ ጉዳይ ከምኡውን ናይ ዝመጽእ ሂወትካ መደባት።




መጻኢ ሂወትካ ብጽቡቕ ክተዳለወሉ ምእንቲ፣ ምስ ወካሊኻ ንዓኻ ዝካታተለካ ሰብ ብዛዕባ 18 ዓመት ምምላእ ዘምጾኦ ለውጢ ክትዛረበ ኣለካ። ንሱ ኸኣ ብዛዕባ ኩሉ እቲ ለውጢ ክሕብረካ ይኽእል እዩ።

# መጻኢ ሂወተይ

ብሓፈሽኡ ክረአ እንከሎ፡ መጻኢ ሂወት ትሕቲ ዕድመ ብዘይ ወለዶምን ብዘይ መሰነይታን ዝመጹ ቆልዑ ሰለስተ ዓይነት ዘለቐቲ ፍታሓት ኣሎ።




እዘን ሰለስተ መንገዲታት ምፍላጠንን ምስዝምልከቶም ኣካላት ኮይንካ ነቲ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣብ ግምት ብምእታው ምግምጋሙን ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣብዘን ዝስዕባ ኩነታት

- ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ምስዝንጸግ
- ዑቕባ ምዝወሃበካ (permis B)
- ግዜያዊ መንበሪ ፍቓድ ምዝወሃበካ (permis F)
- ስድራቤትካ ኣብ ካልእ ዓዲ ምስዝርከቡ
- ወዘተ



# ምኽሪታትና

ብመሰረት ናትና ተመክሮ ኣብ ስዊስ ንነብር ተሕቲ ዕድመ ፣ ከም መደምደምታ እዘን ዝስዕባ ምኽሪታትና ክነትሓላልፈልካ ንፈቱ።

«ቋንቋ ተማሃር ፣ ቤት ትምህርቲ ኪድ»

«ካብ ናትካ ባህሊን ጠባያትን ዝተፈለየ ዘለዎም ካልኦት ሰባት ምንባር ተቐበል»

«ናይ ትነብረሉ ቦታ ሓለፍቲ ምኽሪታት ተቐበል»

«ኩሉ ግዜ ጽቡቕ ርክባት ምስኩሉ ሰብ ክትገብር ጽዓር»

«ምስ ሰብ ክትዝራብ ከለኻ ብሰላምታ ጀምር፣ የቐንየለይ ምባል ኣይትረስዕ»

«ኣብ ናይ ካንቶን ማሕበራዊን ባህላዊን ንጥፈታት ተኻፈል»

«ንኹሉ ብዓቕሊ ኪዶ፣ ካብ ቅኑዕ መንገድኻ ኣይትውጻእ»



# ሰናይ ትምኒት ንዓኻ

## ምስጋና ን …

ዓብዱላየ ዓብዱላጢፍ
ዓቡ ኣሕማዲ ባሪ
እምነት ኤርነስቶ ፋቲ
ፍናን ፎፋና ጋዲ ሓሳን
ማሊፋ ማማዱ
መይሳም ሙስጣፋ
ራማነ ሳይዱ*

ሳላ ስራሕኩምን
ምኽርታትኩምን እዛ
ጽሕፍቲ ክትግበር
ኪኢላ።

*ኣብ መደብ Speak out 2013 ዝተኻፈሉ

# As-tu des questions ?

Visite le site
**www.enfants-migrants.ch**

Tu y trouveras d'autres informations pour ton séjour en Suisse et des contacts dans chaque canton.

Tu peux aussi nous appeler au numéro suivant pour toutes tes questions :

022 731 67 00

**Fondation suisse du Service Social International (SSI),**
Rue du Valais 9
Case postale 1469
1211 Genève 1
**www.ssiss.ch**

Lundi-vendredi
8h30 – 12h30 et 14h – 17h30

# Notes



**ቤት ማሕተም:**
ዓለም ለኻዊ ማሕበር ረዲኤት ስዊስ ፣ ጀነቭ
Swiss Foundation of the International Social Service (SSI), Geneva
**www.ssiss.ch/fr**
**www.enfants-migrants.ch**

**ምትሕብባር፡**
ቤት ምኽሪ ስዊስ ንጥፈታት መንእሰያት፣ በርን
Swiss National Youth Council (SNYC), Bern
**www.sajv.ch**

**ብሓገዝ ፡**
ሎቶርያ ሮሞንድ

Loterie Romande

ቀዳማይ ሕታም ፡ 2014